## ደምዳሚ መግለጺ
## ቀዳማይ መሰጋገሪ ውደባዊ ኮንፈረንስ
## ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ተሃድሶ ኤርትራ /ሰደተኤ/

*"ቅኑዕ መስመር፣ ንቑሕ ተሳትፎ ሓፋሽን ጽፉፍ ውደባን: እምነ-ኩርናዕ ተሃድሶናን ዓወትናን'ዮም!! ኩሉ ዓቕምታትናን ክእለታትና ብቐዳምነት: ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ይቕናዕ!!*" ኣብ ትሕቲ ዝብሉ መሪሕ ጭርሖታት ዝተሰላሰለ ታሪኻዊ መሰጋገሪ ኮንፈረንስ ሰደተኤ፡ ካብ 8-9 ግንቦት 2008 ተኻይዱ፡፡ መስርሕ ምዕባለ ናይ'ቲ፡ ናብ'ዚ ታሪኻዊ ኮንፈረንስ'ዚ ዘብጽሐ፣ ንልዕሊ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ምይይጥ ክካየደሉ ዝጸንሓን፡ እናደነረፈ ዝመጸን ንድፊ መደብ-ዕዮ፣ ኮንፈረንስ ዝካየደሉ ዘሎ ሃገራዊ ኩነታትን ከሕልፎም ትጽቢት ዝግበሩ ውሳኔታትን ዝድህስስ ጸብጻብ ቀሪቡ፡ ዕቱብ ገምጋም ድማ ተገይሩሉ፡፡ ኣብ ሙሉእ መስርሕ ናይ'ቲ ኮንፈረንስ፡ ብቀጥታውን ንቑሕን ተሳትፎ ኣባላት ናይ'ቲ ዕሽል ምንቅስቓስ ብሄረ-ሳሆ ዝተኻየደን፡ ምውቕ ሰውራዊ ደገፎም ከይተፈልዮ ዝተጋበአን ድማ ነይሩ፡፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ'ዚ ኣንጸላልይዎም ዘሎ ፋሽስታዊ መዓት ስርዓት ህግደፍ ንምግልጋል ዝካየድ ቃልሲ፡ ናይ ቀዳምነታቱ ቀዳማይ ዕማም ምኳኑ ብምንጻር፣ ዕላማታት ሰውራዊ ደሞክራሲ ንምዕዋት ዘገልግሉ ጥበባት ብምንጻርን፡ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ብምሕላፍን ከኣ ብዘሕብን ዓወት ተጸንቢሉ፡፡

**ደለይቲ ሰላም፣ደሞክራስን ምዕባለን ህዝብታት ኤርትራ!**

ኣብ ዝተናውሐ ሓርነታዊ ቃልስኹም ዝኸፈልክምዎ ከቢድ ዋጋ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትኩም ንክኽበር፣ ብሄራዊ ክብሪታትኩምን ማዕርነትኩምን ንክረጋገጽ፣ ዓቕምታትኩም ኣስሚርኩም ናብ ህንጻት ሃገር ክትወፍሩን ክሓልፈልኩምን'ዩ ነይሩ፡፡ ቀጻልነት ዘለዎ ሰላም ኣውሒስኩም፡ ምስ ኣሕዋትኩም ጎረባብቲ ህዝብታትን ዓለምን ጥዑም ሕውነታዊ ጉርብትናን ዝምድናን ንክህልወኩምን ተደጋጊፍኩም ንክትሰርሑን'ዩ ነይሩ፡፡ እዚ ኩሉ ባህግታትኩም ግን፡ ብሰንኪ ጠላም ስርዓት ህግደፍ ተኾሊፉ፡፡ ብተበራረይቲ ገዛእትን ናይ ኩናት ፖሊሲታቶምን ዝዓነወት ሃገርኩም ክትሃንጹ ንዝነበረ ተስፋኹም ኣበርዒኑ ብልጓም-ኣልቦ ትምክሕቲ ዝተደፍነ፣ ውልቀ ምልክነት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝሰፈኖ ፋሽስታዊ ጭፍራ ስርዓት ህግደፍ'ዩ ተተኺሉ፡፡ ጨና ናይ ደሞክራሲ ብዘይብሉ ፋሽስታዊ ስርዓቱ፡ ሰብኣዊ ክብርኹም ኣዋሪዱ ዝገዝእ መንግስቲ ኮይኑ፡፡ ብሕሱም ፖለቲካዊ ጭቆናን መሪር ብሄራዊ ወጽዓን ኣሲሩ ዝጋረፍ ስርዓት ኮይኑ፡፡ ብጨካን ቁጠባዊ ምዝመዛ፣ድኽነትን ዓጸቦን ኣማሲኑ ዝቐትል ሰርዓት'ዩ ተኺሉ፡፡ ኣብ ህላዌኡን ቀጻልነቱን ከኣ ካብ'ቲ ተሕልፍዎ ዘለኹም ደልሃመት፡ ናብ ዝኸፍአ ድቕድቕ ጸልማት ተመላሊኡኩም ክንቆት ይርከብ፡፡ ብድምር ድማ ከም ህዝብን ሃገርን ተተርኢሱኩም ክርሞቕ ዝጨከነ ስርዓት ምኳኑ፡ እዚ ዝሓለፈ 17 ዓመት ናይ ስልጣን ዕድሚኡ ኣጸቢቑ ኣግሂድዎ ኣሎ፡፡

**"እንቢ ኣይግዛእን" ዝኣመልኩም ሓፋሽ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!**

ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 17 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ጭቡጥ ፖለቲካዊ ተሞኩሮኹም ብዝሃበኩም ትምህርቲ፡ ሓደ ሓቂ ጎሊሑ ክገሃደልኩ ገይሩ ኣሎ፡፡ ንሱ ድማ፡ ናይ'ዚ ካብ ህልው ንታሕቲ ካብ ምዉት ከኣ ንላዕሊ ኮይንኩም ተሕልፍዎ ዘለኹም መሪር ሂወት፣ ኩናት፣ ህልቂትን ዘየቋርጽ ናይ ኩናት ሰግኣታትን ብሓደ ወገን፣ ድኽነት፣ ጥሜትን ዓጸቦን ከኣ በቲ ካልእ ወገን፡ መሰረታዊ ጠንቂ ንሱ ፋሽታዊ ስርዓት ህግደፍ ምኳኑ'ዩ፡፡ ብርግጽ /ብርግጽ/ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ካብ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝኸፍእ ጸላእ የብሎምን፡፡ እቲ ተስምዕዎ ዘለኹም /ብዝተፈላለየ መልክዓት ዝግለጽ/ መሪር ቁጠዐን ተቓውሞን ከኣ፡ ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ እኹል ምስክርኩም'ዩ፡፡ ህዝብታት ብሄራት ኤርትራ፡ ብብሄሮም ተወዲቦም ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ ከኣ ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ እቲ ዝጸዓቐ መግለጺኡ'ዩ፡፡

ተበታቲኑ ዘሎ ሓይልታት ሰውራ፡ ኣንጻር'ዚ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተተርኢሱ ንክወድቕ ብሓዊ ዝጻወት ዘሎ ፋሽስታዊ ስርዓት፡ ዓቕምታቱ ከወሃህድን ከዋድድን ትገብርዎ ዘለኹም ዘየቋርጽ ጻዊዒት ድማ እቲ ካልእ ጉሉህ ምስክር ተቓውሞኹም'ዩ።

ታሪኻዊ መሰጋገሪ ኮንፈረንስና፡ ነዚ ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ሓቅታት ግቡእ ኣቓልቦ ሂቡ ገምጊምዎ። ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ'ዚ ኣንጸላልይዎም ዘሎ ፋሽስታዊ ናይ ብርሰት ሓደጋ ንምድሓን ዝካየድ ቃልሲ ድማ፡ ናይ ቀዳምነታቱ ቀዳማይ ዕማም ሰውራ ክኸውን ከምዝግባእ ኣሰሚሩሉ ሓሊፉ። ተበታቲኑ ንዘሎ ዓርሞሸሻዊ ገድላዊ ዓቕምታት ህዝብታናን፡ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ውድባት ተጠርኒፉ ዘሎ ንኡስ ዓቕምታትን፡ ተዋዲዱን ተወሃሂዱን ክሰርሕ ዘለዎ ተደላይነት፡ ቅድሚ ኩሉ ዝሰራዕ ዋኒን ሰውራ ክኸውን ከምዝግባእ ድማ ርእዩ። “ሰፊሕ ሃገራዊ ምሕዝነት፡ ንሃገራዊ ድሕነት” ክብል ዕቱብ ውሳኔኡ ብምሕላፍ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝቐንዐ፤ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ብሄራት ኤርትራ ዘኽብር፤ ንንቑሕን ቀጥታውን ተሳትፎ ሓፋሽ ዘስተኣናግድ፤ ኣብ ብሱል ናይ ሓድነትን ቃልስን ኣሰራርሓ ዘትከለ ንክኸውን ከኣ ጸዊዑ። ካብ'ዚ ጽኑዕ ውሳኔኡ'ዚ ብምብጋስ ድማ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ኤርትራ(ኪዳን)፡ ካብ'ቶም ዘሳቕይዎ ዘለዉ ናይ ዘይምትእምማን ሕማማት ተናጊፉ፡ ዕላማታት ቻርተር ንምዕዋት ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ባህርያቱን መስመሩን ብዝዓደልዎ፡ ልፍንታዊ ኣብርክቶኡ ንክህብ ብናህሪ ክቃለስ ወሲኑ ኣሎ።

**ሰላም፣ ፍትሕን ደሞክራስን 'ዝባህግኹም ውጹዓት ወተሃደራት መንግስቲ ህግደፍ!**

ፋሽስታዊ ጭፍራ መራሕቲ ህግደፍ፡ ወግዓዊ ናጽነት ኤርትራ ቅድሚ ምርግጋጹ ኣትሒዞም(ብጊሓቱ ሕዳር 1992)፡ እቲ ኣዋጅ ሃገራዊ ዕንወት ዝኾነ “ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት” ኢሎም ክእውጁ እንከለዉ፡ ንሳቶም ዝተኸልዎ መንግስቲ፡ ብወተሃደርነትን ወተሃደራዊ ሕግን ዝምራሕ ምዃኑ ጋህዲ'ዩ ነይሩ። ብትምክሕቲ ዝዓወር ናይ ኵይናትን ወራርን ፋሽስታዊ ስርዓት ክሃንጽ ምኳኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ብሩህ'ዩ ነይሩ። ናይ 17 ዓመት ተሞኩሮኡ ድማ እነሀለ ጋህዲ ገይሩዎ። ጸኒሖ ከኣ በቲ ወፍሪ ባርነት ዝኾነ “ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ” ዝያዳ ኣጠናኺሩ ተተሓዚዎ ይርከብ። ንኩሉ ኣፍራዪ ዓቕሚ ህዝብታትና ኣብ ወተሃደራዊ ትካሉ ዘሪዑን ሰብኣዊ ክብርታቱ ኣዋሪዱን፡ መጋበርያ ፋሽስታዊ  ስርዓቱ ክገብሮ'ዩ ጸኒሑን ዘሎን።

**ኣፍራዪ ዓቕሚ ህዝብና ዝኾንካ መንእሰይ ኤርትራ!**

ግዳይ ፋሽስታዊ መንግስቲ ህግደፍን ጸረ-ህዝቢ ተግባራቱን ክትከውን ዝተፈርደካ ኣይኮነን። ንስኻ'ውን ከም ህዝብኻ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትካ ተረጋጊጾም፡ ሩፍ ኢልካ ክትነብር፤ ሰላምን ቅሳነትን ክሰፍነልካን ዓቕምታትካ ኣወሃሂድካ ሃገርካ ክትሃንጽን ክሓልፈልካን፤ ዘመንና ምስ ዝፈጠሮም ሳይንስን ቴክኖሎጂን ክትላለይ፣ ክትመሃርን ክትመራመርን፤ ከም'ቲ ንቡር ፍቑር ስድራ-ቤታዊ ሂወት ክትመርሕ፣ ክትምርዖን ክትዝምድን፤ ኣረጋውቲ ወለድኻ ክትጥውርን'ዩ ይግባኣካ ነይሩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ግን፡ ነዚ ኩሉ ፖለቲካውን ሰብኣውን ክብርታትካ'ዚ'ዩ ቀንጢጡዎን ዓንጺሉካን ዘሎ። ንሱ ብውሽጥን ግዳምን ኵናት ክውልዕ፡ መሳወሪ ኵናቱ ከኣ ክገብረካን ይርከብ። ጉዳይ ህዝብኻን መጻኢ ዕድል ሃገርካን ኣመልኪትካ ከይትዝትይን ሓድሕድካ ከይትተኣማመንን ገይሩ፡ ብናይ ስለያን ዓፈናን መሓውራቱ ቀፊዱ ሒዙካ ኣሎ። ……… ብዘይቀልዓለም፡ ጊላ'ዞም ብህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝጣልዑን ተተርኢሶሞ ክወድቁ ጨኪኖም ዘለዉን ፋሽስታዊ ጭፍራ ክትከውን ዝተፈረደካ ኣይኮንካን። ንስኻ'ውን ከም'ቲ ኩሉ ዜጋ፡ ብመሪር ፖለቲካዊ ጭቆናን ሕሱም ምዝመዛን ትግረፍ ዘለኻ ውጹዕ ኢኻ። ካብ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝሽፍእ ጸላኢ ድማ የብልካን። ባርነታዊ ኣርዑት'ዚ ፋሽስታዊ ጭፍራ'ዚ ንክትሰብር ምዒትካ ክትቃለስ'ምበር መጋበርይኡ ክትከውን ዝተፈርደካ ኣይኮንካን። ኣይግባእን'ውን።

**ብሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎን፡**
**ብጅሆ ተዘሪዕካ ዘለኻ ውጹዕ መንእሰይ ኤርትራ!**

መሪር ተሞኩሮኻ ብዝሃበካ ትምህርቲ ሓያል ተቓውሞ ከተስምዕ ምጅማርካ ግሁድ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ። ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝግለጹ፡ ንወታሃደራዊ መሳርዕ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ራሕሪሕካ ብምኻድ፡ ፍኑው ተቓውሞ ተስምዕ ምህላውካ ርግጽ'ዩ። ዝበጽሑካ ዘለው ዘስካሕክሑ ኣደራዕ ከኣ፡ ልዕሊ ሰብካ ንስኻ ትፈልጦም። ታሪኻዊ መሰጋገሪ ኮንፈረንስ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ተሃድሶ ኤርትራ (ሰደተኤ)፡ ነዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ሓቅታት ግቡእ ኣድህቦ ሂቡ ገምጊምዎም። ፋሽስታዊ ጭፍራ መንግስቲ ህግደፍ፡ ምስ ሓይልታት ሰውራ ከዳምየካን ከቀሓሕረካን፡ መጋበርያ ጨፍጫፊ ስርዓቱ ክገብረካን'ዩ ዝጽዕር ዘሎ። እዚ ድማ፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝጠቅም ኣማራጺ ኣይኮነን። ዕሊ ኩሉ ድማ ጸረ-ረብሓኻ'ዩ። ረብሓታትካ ዝረጋገጹ፡ ኣብ ጎኒ ሓይልታት ሰውራኻ ተሰሊፍካ ብምቅላስ'ምበር፡ ኣብ ወተሃደራዊ መሳርዕ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ከምዘይኮነ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ውድብና ሰደተኤ ኣትሪሩ ይኣምን ። ስለዚ፡ ፋሽስታዊ ጭፍራ መንግስቲ ህግደፍ፡ ምስ ሓይልታት ሰውራ ከዳምየካ፣ ከቀሓሕረካን መጋበርያ ጨፍጫፊ ስርዓቱ ክገብረካን የካይዶ ንዘሎ መርዛም ፕሮፖጋንዳ ኣትሪርካ ንክትቃወሞ'ዩ መድረኽ ዝጠልበካ ዘሎ። ቁጽሪ ሓደ ጸላኢኻ፣ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራን ጸላኢ ኩላትናን ንሱ'ዩ። ንሱ፡ እቲ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተተርኢሱዎም ንክርሞቕ ጨኪኑ ዘሎ ጨፍጫፊ ስርዓት ህግደፍ። ስለ'ዚ ግዳይ ኣራዊታዊ ጭካኔኡ ዘይገበሩኻ ዝተፈላለዩ ጥበባት ተጠቒምካ፡ ኣብ ጎኒ ሰውራኻ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጎኒ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ሓይልታትካ ከኣ ብፍላይ ተሰሊፍካ ክትቃለስ'ዩ መድረኽ ዝጠልበካ ዘሎ። ሃገርና ኤርትራ ካብ'ዚ ኣንጸላልይዋ ዘሎ ናይ ብርሰት ሓደጋ ንክትድሕን፡ ነዚ ደመኛ ጸላኢ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብብረቱን ዕጥቁን ክትፋረዶ፡ ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ተሃድሶ ኤርትራ (ሰደተኤ) ጻውዒቱ የቕርበልካ።

ኣብ መደምደምታ መሰጋገሪ ኮንፈረንስና፡ እቲ ብኮምሽን ዶባት፡ ናይ መወዳእታን ቀያንድን ብይን ዝተዋህበሉ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ንዝኾነ ናይ ዶባዊ ግጭት ደግሲ ብዘየፍቅድ ሰላማዊ ኣገባብ፡ ምምልካት ዶባት ናይ መወዳእታ መዛዘሚ ክግበረሉ ከምዝግባእ መዚኑ። ብተወሳኺ ንጉዳይ ስደተኛታት ዜጋታትና ኣመልኪቱ፡ ብሓደ ወገን ነቲ ግዳይ ምምዝባልን ስደትን ኮይኑ ዘሎ ዜጋ ግቡእ ዑቕባን ምድግጋፍን ንክዋሃቦ፤ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ ልዕል'ቲ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ዋሕዚ ስደተኛታት ኮይኑ ዘሎ ጨካን ስርዓት ህግደፍ ክዓርፍ ዝግብኦ ጸቕጢ ንክዓርፎ፡ ንደለይቲ ጽቡቕ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ጻውዒቱ ብምቕራብ ኮንፈረንስ ብዓወት ተዛዚሙ።

- **ሰውራዊ ደሞክራስያዊ መስመር ዓቲርና ኣብ ጎደና ቃልስን ዓወትን ብናህሪ ንመርሽ!!**
- **ኩሉ ዓቕምታት ሰውራና ብቐዳምነት ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ይቕንዕ!!**
- **ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!**

ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ተሃድሶ ኤርትራ/ሰደተኤ/
9 ግንቦት 2008